# ካናሪ ድምጻዊ ማትጌ ታበየነ፡ ካብ ማ ነ ...!!

## ቀዳማይ ክፋል

=======//////----------//////=======

**ዕለት 26-07-2019 ዓ.ም.ፈ**

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ከመይ ትኩኡ ኣለኹም፧ ከመይ ትኩና ኣለኽን፧ እቶምኣብ ሰናይ ሃዋሁ ኩነታት ዘለኹምን/ኽን፣ ሰላምኣለና ክትብሉኒ/ክትብላኒ ተስፋ እገብር። እቶም ዘይጠዓማኩም ወይድማኣብ በዳሂ ኩነታት ዘኩምድማኣምላክ ጸፀብቑ ክፈጥረልኩምትምኒተይ ኢዩ። ኣብዚ ሎሚሒዘልኩምመጺአ ዘለኹማንቲ ጽሑፍ፡ ብዛዕባ ማትጌ ታበየነ ምኳኑ፡ ገና ካብ ርእሱ



ርዱእ እማስለኒ። እሞኣሕጽር ኣቢለ ብዛዕብኡ ክብሎ ዝበልክዎ ኣንቂለ ክሕንጥጥእየ፣ ክትከታተሉኒ ድማብኣኽብሮት እዕድም፡

ከምዝፍለጥ ወይ ገሊየ ኹምከምትዝክርዎ፡ ቅድሚሎሚኣብ ጉዳይ ማትጌ ታበየነ (ማእር) ኣድሂበ ገለ ጽሑፋት ናብ ኣንበብቲ ኣቅሪበ ነይረ ኢየ። እቲ ብድምጺ ኣብ ዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ዝተቓልሐ ድማኣነ ዝጀመርክዎ፡ ድሒሩ ምስ ስነ ጥበበኛን ጋዜጠኛን ተስፋሥላሴ ኣነንያ (ኣዝሜሪኖ ሆፕ) ብሓባር ብምኳን ናብ ዉቕሮ እናኸድና፡ ንምስናድ ታሪኽ ማትጌ ታ፡ ዓሊምና ዝሓዝናዮ ሰነደ-ድምጺ፡ ንሓባራዊ ዕላማብምሕላን ዝተፈወፈ ዕዮታትና ኢዩ።

ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕልክላኻት ኣጋጢሞሙና ኢዮም፡ ሓደ ኣብነ ት፡ 'ሓላፊ' ሬድዮ ኤፍ.ኤም 104.4 ወይ ኤፍ ኤምመቐለ፡ እታ ማዕከን ሬድዮ ከምናይ ግሎምገ ይሮምግዲ ይሓስብዋ ኮይኖም፡ እቲ ቃለ-ማጠይቕ ንከይቓላሕ ብዙሕ ብድሆታትን ማሰናኽላትን ፈጢሮምእዮም፡ ኣብ ጉዳይ ማትጌ ታን ደርፍታቱን እዉን ዘየድልይ ፅዋ ፀውዮምተዘሪቦምኢዮም፡ እቲ ንሶም ዝበልዎ ካልእ ግዜ ኣብ መድረኹ ክንጽሕፎ ኢና፡ እቲ ምንታይ ታሪኽ፡ ታሪኽ ስለዝኾነ እዩ።

ግን ንሎሚኣብዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ወስ ከብሎ ክቕሰብ እየ። እዉ፡ ማትጌ ታ ምስ ደርጊ ምስ ርሑን ንከተማታት ኤርትራ ብምድራፉን፡ ዕድል ዝንፈጎ ተኮይኑ፣ መምህር ወይ ጋዜጠኛን ገጣምን፡ ኣቶ ይቁምሃይለ እዉን ተኩሎ፡ ኣብ ግዜ ደርጊ፡ ካድረን ኢሰፓን ደርጊ ምንባሮም፡ ንዝኸሮ ተዘኸሮ ትማሊ ዝኾነ ዕዮኦምእዩ ነይሩ ግን "ዘመን ዝሃቦ ሓምሓምእምኒ ይሰብር!!" ድዩ ዚበሃል፧ ኣብ ዘመን ገበል ኮይኑ ኣሎ። ንሕጂ ብዛዕባ ሓላፊ እታ ሬድዮ ጣብያ ብዙሕ ኣይብልን እየ እንተኩሎ ታሪኽ ሕድገት ዘይብሉ፡ ንማንምዘይንሕፍ ሻምላ-ሓላንጊ ምኳኑ ከስምረሉ ካብ ዚብል ተናኺፈዮ ክሓልፍ ተቐሲበ ኣለኹ።

**(እዛ ስእሊ፡ እታ ካብ ልበይ ዚፈትዋን ዘፍቕራን፡ ኣስመራ ባንድ ኣብ ሜድረኽ ከላ፡ ተርእይ እያ። እቲ ቆልዓ ድማ(ዓርከይ ነበር)፡ ሓውና ስፖርተኛ ( ተገላባጣይ)ሓድሽ እዩ። ኣብ ግዜ ደርጊ ን ኣብ እዋን ናጽነት ሃገረ ኤርትራ፡ ተገልቢጡ ገ ንዘብ ካብ ሜዳ ዘልዕል ዚነበረ ኢዩ። ማኡጌታ ካብ ብዙሕ ሳዕ ዝዝክረን ባንድታት ኣስመራ ባንድን 18 ተራራ ክፍለጦርን ተጠቀስቲ እየን። )**

ማኡጌታ፡ ንከተማታት ኤርትራ ፍሉይ ፍቕርን ክብርን ከምዚነበሮ ካብ ዕላሉን፡ ካብ ዚሃቦ ቓለ-ማጠይቕ ክግንዘብ ክኢለ እየ። ብፍላይ ድማ ንከተማ ኣስመራ፡ ከም ፍቅሪ ኣደ ዝሕላገቱ ፍቅሪ ከምዚነ ብሮ እናሻዕ ይገልጽ ነይሩ እዩ። ንተብሃጊ ት ከተማ ከረን ይኩን ምጩዉቲ ከተማ ባጽዕ እውን፡ ብርቱዕ ፍቅሪ ነይርዎ እዩ። ሓያል ዝኽርን ናፍቆትን ተኰላ ኣብ ማህደር ልቡ ሓዲርዎ እዩ። እቲ ምንታይ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ተዛዊሩለን እዩ። ፍቅሪ ተማዚሩለን እዩ። ዘሊሉለን ን ዓንዲሩለን እውን እዩ። በዚ ኰላ በቲ፡ ኣብ ዘን ከተማታት እዚእን ቆራዊ ተዘኽሮ ሕዮ ነይርዎ እዩ።

ኣብ ደርፍታት ማኡጌታ፡ ኣስማት እዘን ከተማታትን ዘሕደራሉ ጽዕንቶን ብቐሊሉ ክትርእይ ይከኣል እዩ። እቲ ደርፍታት ኣብ ተመኽሮ ህይወቱ ዝተማስረተ ዓንዲ፡ ከምምኂኑ ማጠን ድማ ከም ማሕደር ሕይወቱ ክጥምቶን ከሰላስሎን፡ ንቡር ማስርሕ ጉዕዞ ህይወት ማንምወድ ኣዳምዩ።

ቅድሚሎሚ ኣብ ሓንቲ ጽሕፍተይ፡ 'ኣስመራ' ትብል ደርፊ ማኡጌታ ኣድሂበ ኣብ ዝጸሓፍክዎ፡ ገዲምከየኒ ካሕሳይ በርሀ፡ ርእይቶኡ ኣፍሲሱ ነይሩ እዩ፣ ኣነ እውን፡ ማኡጌታ ምስ ሕማምን ሓደ ሓደ ማሕንቆታቱን፡ ኣብ ግምት ኣእትየ፡ ምናልባሽ ማኡጌታ ተጋግዩ ወይ ተሓዋዉስዎ ክኸውን ይኽእል ይኸውን እዩ ቢለ ጽሒፈ ነይረ እየ።

እንተኰላ ግን ማኡጌታ እዩ ቅኑዕ ነይሩ። ስለዚ፡ ኣነ ክንዲ ካሕሳይን (ኣነ እውን ንሓዋዝ ደርፉ ረሲዐ)፡ ሓውሲ ነቲ ሓሳብ ብእወንታ ምርዓሜይ፡ ብልቢ ይቕሬታ ክሓትት እፈቱ።

ንካሕሳይ በርሀ፡ እዛ ጽሕፍቲ ይጽሕፉ ከምዝደልይን፡ ክሕብሮ ሓሊነ ኣብ ማሕበራዊ ሜራኽቦ ተጻሓፍክሉ፡ ክጥዕሞግዲ ኣይከኣለን ክምልሰለይ ወይ ከምቲ ቅድሚሎሚ ብቕልጡፍ



ምላሹ ክህበኒ ኣይከኣለን ኣሎ። ስለዚ፡ ኣነ ይጽሕፎ ኣለኹ ንሱ ካልእ ሓሳብ ወይ ርእይቶ ተለዎ፡ ኣብ ዝቕጽል መንቲ ጽሒፈይ ከስፍሮ ምዃነይ ክሕብር እረድይ።

ማኡጌታ፡ ንደረስቲ ልዑል ክብሪ ዝህብን ኣኽቢሩ ዝዝኽርን፡ በዓል ሕልና ምንባሩ፡ ኣነ ባዕለይ ምስክር እየ። ንዉቕሮ እናኸድኩ፡ ኣብ ዘዋጋዕክዎ እዋናት እውን ነዚ ብዓይነ-ሕልናይ

ሰሜ ወተዕዚበ እየ። እታደርፊ ድማድሕሪ 27 ዓመት፡ ካብከተማኣስመራ ቅድሚዓመትን ገለ ኣዋርሕን ይገብር፡ ሓደ ግዱስ ብጻይ ሊኡኽለይ፡ ድምጺ ማትጌታ ብንጹር ብኣንክሮ ሰሜ ረኺበዮ እየ፣ ግን እታደርፊ ሒዘላ ዚነብርኩ፡ ሞባይል ብምብልሻዋ ጠፊኣትኒ እያ። ኣዚየ ሓዚነ እናነበርኩ ድማሓደ ግዱስ መቕርበይ፡ ኣብ ሚህደር ቆፎ ማዚቃታቱ፡ እታ ደርፊ ከምዝላ ሓቢሩኒ፡ 'ሃበኒ ኢኻእባ፤ ' ብዝበልኽዎ ድማመምህር ገብረሚካኤል (ዓይነ -ሥውር) ብናጻ ሕያብ ብእሽታ ማጡዩኒ እዩ። መምህር ገሬ ብልቢ ኤማሥግነ ካ ኣለኹ እየ።




ንከተማኣሥመራ ብዙሓት ከየንቲ ደርፎማ እዮም፡ ገጢሞማ እዮም፡ ኣዚሞማ እዮም፡ ካብኣቶምድማጣልያናውያን፣ ኢንግሊዛውያን፣ ኢትዮጵይውያን፣ ኤርትራውያንን ጥበበኛታት ዓቕሞምዚፈቕዶ ሰሪሖማ ወይ ፍርያቶምወፍዮማ እዮም፡ እዚ ናተይ ዳህሳሳዊ ሜዕጽናዕታዊ ትዕዝብተይ እዩ።

ካብቶምንከተማኣሥመራ፡ ብዘመናዊ ሙዚቃ ገቢሮምንፈለማዚደረፉላ፡ ክቡር ሃለቃ ኣስሞሮምወድ 4 ኣስመራ እዮም፡ ብዘዕብኦ ምሓደ መዓልቲ ክጽሕፍ ተስፋ እገብር። ከየኒ ኣሮን ኣብራሃምወዲ ቀሺ ኣብራሃም ንከተማኣስመራ ብሓዋዝ ድምጹ ካብ ዝደረፉላ ሓደ እዩ። ኰታ ንከተማኣሥመራ ሓርበኛ ድምጻዊ ኣያና ኣተውብርሃን ሰጊድ፣ ሊቀ-ሜኳስ ገብረጻድቕ ገብረዮሃንስ፣ ወዘተ ወዘተ፡ ብርክት ዚበሉ ሃባርምከየንቲ፡ ኣብ ዝተቀረጸን ዘይተቀረጸን ፍርያቶምኣዚሞማ እዮም፡

**(ሃለቃ ኣስሞሮም)**



ማትጌታ እውን፡ በቲ ካናሪ ድምጹ ገቢሩ፡ ንምጭውቲ ከተማ ኣሥመራ ደሪፉላ እዩ። ኣነ እኳ ዘሜሩላ እዩ ክብሎምስ ናይ ድፍረት ይቀለኒ እዩ። ምኽንያቱ ኣለኒ እዩ ካልእ ግዜ ከስፍሮ እየ ሓሳባተይ። ንሕጂ ግን ናብታ ደርፊ፡ ብከፊሉ ንግጥማና ባኹም ከብሎእየ።

**" ካብ ሜዕዶ፡ ናብ ሜዕዶ፣**
**ለምለምመጁ ዓባይ ኣጉዶ፣**
**ኣስመራይ ክብል'ዶ።**

**ስምኺ ጠቂሰ፡ እናወደስኩ፣**

**ኣስመራ ክብል እንከይደቀስኩ።**

**ይዝከረኒ፡ ኣባይ ኣባይሻውል፡ ናይ ሞዕባለኺስፍራ፣**
**ምስ ጥንታዊ ቦታ፡ ምስ ኣርባዕተ ኣስመራ፣**
**ኣብኡ ተማስረተ፡ ምዉቕ ማሕበራዊ ናብራ።**
**.**
**.**
**...... ከተማኸ ኣስመራ**
**ኩሉ ግዜ ትበርቒ፡ ከምብርኃን ፀሓይ ጨፈ።**

**ይሕበነ ሉ'የ፡ ጵሬየት ከተማኺ**
**....          ስሩዕ ጎደናኺ**
**-ኣስመራ።**
**.**
**ኣስመራ፡ ሓብሓቢት ኩሉ፡ ሓላል አዴና፣**
**ኣላይት ስድራና። "**



ክቡራት ኣንበብቲ፡ እሞ ካብዛ ግጥሚ ኣነ ድማ ካብታ ደጋጊ መዝሰማዕ ክዋ ኣዚያ ጥዕምቲ ደርፊ፡ ማትጌታ በየነ ማሰረት ብምግባር፡ ማትጌታ ሓቁን-ሓቁን እዩ ነ ይሩ ቢለ ብምፍላጡይ። ደጊ መብስማይ ይቕረታ እሓትት።

ኣብ ማሕበራዊ ሜራኽቦ፡ ብዛዕባ ማትጌታ ሓበሬታ ወይ ጽሑፋት ክእልሽ ከለኹ እዛ ትስዕብ ጽሕፍቲ፡ ረኺበ እየ። ስምጸሓፊኡ ኣይከዘንክዎን ብምንባረይ፡ ክዝኽሮ ኣይከኣልኩን ግን ኣብታ ትቕጹል ጽሕፍቲ፡ ስምእቲ ጸሓፊ ክእትዋ እየ። በሉ ናብታ ጽሕፍቱ ከብለኩም፡ ንመዷንፍዒ ጽሑፈይ ምስናይ ምስግና ይእትዋ ኣለኹእየ።

**"ሕይወት ጓል-ኣሥመራ**



- 
- 
- 

**'ምስቲ ምጽባቓ ግልብጬተቆኒ ና፣**
**ኣብነ ዊሕ ክሳዳ ምስ ወርቂ ካቴና፣**

**ከበብቲ ኩትሻ ኣእትያ ኣብኣእዛና፣**
**ናይ ኢዳ ኣጻብዕቲ ደሚቑ ብሒና፣**
**ረአኽዋ ኣብ #ጥምቀት ደሚቑ ብርሃና፣**

**ክዳን ኣዴታታ ጥልፊ ተኸዲና፣ ጥልፊ ተኸዲና። '**

ነብስሄር ድምጻዊ ማኑጌታ በየነ ሓደ ካብቶምኣብከተማኣስመራ ዝዓበዩ ገዳይም ድምጻውያን ተጋሩ ኮይኑ፣ ጥዑማት ደርፍታት ትግርኛ ዝሰርሐ ኢዩ።

"ሂወት ዓለ'ስመራ" ኣብ ትብል ደርፉ ፣ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ በዓል #ጥምቀት ማዕረ ክንደይ ብባህላዊ ኣልባሳትን መጋየጽን ደሚቑን ኣምባሳደር ባህለን ይኾና ከምዝነበራ ብጥዑምዜማይገልጽ። ... ርሑስ በዓል ጥምቀት ቆልዑ ትግራይ ከምቲ ኣብ ብዓል ኣሸንዳ ብባህልኽን ኣቃልቦ ህዝቢ ዓለምዝሰሓብክን ፣ ኣብ ብዓል ጥምቀት ድማክትደግምኦ ተስፋ ይግበር። .."



እወ፡ ማኑጌታ ክንዮ ከተማታት ምፍታው፥ ኪንዮ ምዝንጋዕን ምሕዳስን ምፍታዉ፡ በዓላት እውን ይፈቱ ነይሩ እዩ። ማሕበራውን ታሪኻውን ክብርታት፡ ኣክቢሩ ዘክብር እዩ። ኣብ ደርፍታቱ ዘሎሜላእኽታት ድማገለ ሓበርቲ ፍርያት እዮም፡

ማኑጌታ ወድ ሹቕ ወይ ድማወዲኒ እውን እዩ ነይሩ። እታ ወዲኒ ትብል ቃል ናይ ዓዋሉ ወይ ናይ ደቂ ሹቕ ቃል ወይ ኣበሃህላ እያ ትመስለኒ ነይራ፣ እቲ ቀደም፡ ኣብእዋን ግዜ ቁልዕነ ተይ።

ግን ሕስብተበልክዎ፡ ንፈለማግዜ ካብኣፍ መምህር ኣስቴር እየ በኽሪ እዝነ ይእየ እዛ ቃል እዚኣ ሰሚዐያ። እዝከረኒ፡ ኣብ ራብዓይ ክፍሊ ከለና፡ ሓንቲ ጽብቕትን ወሓለን ካብ ዝኩሳ ት ሓውሲ መንእሰይ መምህርና-መምህር ኣስቴር እየ ንዓይ 'ወዲኒ ኢኻ፡ ፈሊጠካ ኣለኹ!' ብዝበላኒ እየ ሰሚዔያ። ብዛዕባ እዛ ቃልን ተዘኽሮይ ብዛዕባ መምህር ኣስቴር ካልእ ግዜ ብሰፊሑክምላሶ እየ። ወዲኒ ትብል ቃል ግን ኣብ ኮምጦኒ ወይ ቤት ትምህርት እድገት እየ፡ ኣብ ገንሸል ዕድመቁሎነ ተይ ተላሌያ።

ንማትጌታ፡ ንሓፍቱ ኣብቲ ማሌ ዝሞተሉ ቅነ ፡ ኣብ ማንበሪ ቤት ስድራቤቶምረ ኺብና፡ ሓጺር ዕላል ኣካይድናለን ነ ይርና ኢና። ንሰን እውን ማትጌታ ካብ ግዜ ቁልዕነ ቱ ኣትሒዞ ወዲኒ ምንባሩ ብኣስተትትኖን ትካዘን ማንፈስ ሓበራና። ብሰሪ ወዲንነ ቱ ድማኣብ ዕድመ ኰተቴነ ቱ፡ ናብ ከተማኣስሜራ፡ ካብ ዉቕሮ ጠፊኡ ክኸይድ ከምዝቐሰቦ ኣውጊዐናና ምንባርረን እዝክር እየ።

ኣነ እውን ቀዳማይ ክፍሊ ኮይነ ንመጀመሪታ ግዜ ንማኣር ክርእዮ ከለኹ 'ወዲኒ' ዓይነ ት-ወድ ሹቕ ወድ ኣሥመራ ፊኖ ኮይኑ ከምዝረኣኽዎ፡ ኣብ ሕልናይ ንድሕሪት ተማሊሰ ይቕጀለኒ እዩ።

ማትጌታ፡ ከምወድ ኣስሜራ ማጠን፡ ዋላ እኳ ንዝተወሰነ ግዜ ብስራሕ ጉዳይ፡ ኣብ ከተማ ከረን ይኩን ኣብ ከተማ ባረንቱ ተነ በረ፣ ብርቱዕ ናፍቆት ኣስሜራ ግን ማማሊቁ ክሙጽእ ይደፋፍኦ ነ በረ።

ይቕጽል...

# ኣብራሃ ምብርሃነ

**ምንጭታተይ፡**

**#ንኩሉኹምኤማሥግን። ብሓፈሻ ንደቂ ኣስሜራን ንደቂ ከረንን ንስለቲ ኩሉ ምትሕብባር ኩም። ንገለ-ገለ ጋዜጠኛታትን ንድምጺ ሓፋሽን ምስጋናይ ወሰን የ ብሉን እዩ። ብፍላይ ግን ሓጎስ ፍስሃ፣ ሚቀኛ በየነ ኃይለሥላሴ፣ ሰናይት ኣስሞም፣ ማምህር ገሬ፣ ማምህር ገብረሚካኤል፣ ወዘተን ብልቢ ከማስግን እፈቱ።**

ንዝኽሪ፡ ሓርበኛታት ገዳይምስነ ጥበበኛታት ትኩነ ለይ ክብል እፈቱ።





